# ፩ ሰንበት (ዘጥምቀት) ዘአስተርእዮ

## 14 ጥሪ 2015 ዓ.ም. (1/22/2023)

## ንኢየሱስን ማርያም ዓዲምካ ምኻኣል!

**መዝሙር፡** ሖረ ኢየሱስ በትፍሥሕት ውስተ ከብካብ... ኢየሱስ ኣብ ማእከል ኣህዛብ ተኣምራትን ድንቂ ነገራትን እናገበረ ናብ መርዓ ተሐጉሱ ከደ፥ ክብሩ ነርድእቱ ገለጸ ንሳቶም ከአ ብአኡ ኣመኑ፥ ከምዚ ኸአ በሎም ማይ ቅድሑሞ ነዘን ኣጋንእ ኣፍ ንኣፍን ምልእወን በሎም፥ በቲ ብኣምላኽ ዝተዋህበ በረኸት እቲ ኣቦ ዳስ ኣድነቐ ወዲ ኣምላኽ ተስፋናን በጃናን ኮነ፥ ካባና ሥዉር እንከሎ ነቲ ማይ ናብ ወይኒ ለወጦ በዚ መለኮቱ ገለጸ”።

**ንባባት፡** ዕብ 2፡1-12፥ ፩ዮሓ 5፡1-13፥ ግ.ሓ. 10፡34-39፥ ዮሓ 2፡1-14።

**ምስባክ፡** እስመ መምህረ ሕግ ይሁብ በረከተ ወየኃውር እምኃይል ውስተ ኃይል ወያስተርኢ ኣምላከ ኣማልክት በጽዮን። መዝ. 84፡6-7።

ካብ ጥሪ 11-30 ዘሎ እዋን ዘአስተርእዮ ተባሂሉ ይፍለጥ፥ እዚ ኸአ ነቲ ኢየሱስ ድሕሪ ጥምቀቱ እናዞረ መለኮቱ ዝገለጸሉ፥ ዝገበሮ ተኣምራታትን ትምህርትን፥ ንምግላጽ እዩ። ኣስተርአየ ተገልጸ ማለት እዩ ብቋንቋ ግሪኽ ኤጲፋንያ ይብሃል። ኣብዚ እዋን ዝተፈላለዩ መዛሙር ይዝመሩ ኣንሰሰወ፥ ኣስተርእዮ፥ ተወልደ፥ ተጠምቀ፥ ከብካብ፥ ማይ፥ መርዓዊ ዝብሉ ይርከብዎም።

ካብ ልደት ጀሚርና ክሳብ እዚ እዋን ዘሎናዮ ኣምላኽ ብዝተፈላለየ መገዲ ብኢየሱስ ገሩ ንርእሱ ከምዝገለጸ ንርኢ።

**፩ያ** ኢየሱስ ምስ ተወልደ ከም ሓደ ስደተኛን ድኻን ሰብ ኣብ መብልዕ ማል ክግለጽ እንከሎ ኣምላኽ ምስ ድኻታት ጽጉማትን እቶም ብሰብ ፍንፉናትን ኮይኖም ዝርአዩ ሓድነቱ ገሊጹ፥ እቶም መጀመርያ ብስራት ልደት ዝሰምዑ ጓሶት ድኻታት ብሕብረተሰብ ብዝተሓተ ዝርአዩ እዮም ነሮም። ንሳቶም ንኣምላኾም ኣለልዮሞ ብምሉእ ልቦም ብሓጎስ ኣምሊኾሞ፥ እዚ ቀዳማይ ግልጸት ይብሃል።

**፪ይ** ኣምላኽ ንወጻእተኛታት ኣረመን ዝሕሰቡ ንዘይደቂ ዓዲ፥ ካልእ እምነት ዝኽተሉ ወይ እውን ሃይማኖት ዘይብሎም ካብ ርሑቕ ክፍሊ ዓለም ንዝመጹ ተገሊጹ። እዚ ነቶም ሰብአ ሰገል ዝኾነ ግልጸት እዩ፥ በዚ ኸአ ኣምላኽ ዘየፍቅሮ ሰብ ከምዘየሎ ገሊጹልና። ኩልና ኣብ ፍቕሪ ኣምላኽ ዕዱማት ኢና። ኣምላኽ ዘየፍቅሮ ሰብ የለን።

**፫ይ** ኢየሱስ ኣብ ሩባ ዮርዳኖስ ክጥመቕ እንከሎ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ልዕሊኡ ክወርድ እንከሎ ምስተራእየ ሽዑ ኣምላኽ ተገሊጹ “እዚ እቲ ዘፍቅሮ ወደይ እዩ ስምዕዎ” ዝብል ተሰምዐ። ንኢየሱስ ምስማዕ ማለት ንኣምላኽ ምስማዕ እዩ።

**፬ይ** ኣብ ወንጌል ዮሓንስ ከም እነንብቦ ኢየሱስ ኣብ ቃና ዘገሊላ ኣብ መርዓ ዝገብሮ መጀመርያ ተኣምራት መን ምዃኑ ገሊጹ ይብለና።

ኣብ ዘመን ኣስተርእዮ እንዕዘቦ ኣምላኽ ከም ዝግለጽ እዚ ግልጸት ግና ቀስ ብቐስ ከምዝተፈጸመ ክንርእዮ ክንቅበሎ ዝሕግዘና ተግባር ከምዝኾነ ንርኢ። ሎሚ እውን ይግለጽ እዩ ምርኣይ ምእማን የድሊ። ኣብ መንጎና ዓበይቲ ተኣምራታት ይገብር ኣሎ ስለዚ ርኢና ንኽእል።

አብ ዝተነበ ካብ ዮሓንስ ወንጌል አተኲርና እንተ ረአና ኢየሱስን ማርያም አዲኡን ሓዋርያቱን አብ መርዓ ናይ ሓደ ዘመድ/ዓርኮም ከምዝተዓደሙ ይነግረና (ገለ እቲ መርዓ ናይ ስምኦን ብዓል ቃና ሓደ ካብቶም 12 እዩ ነሩ ዝብሉ አለዉ ሓቅነቱ ግን መረጋገጺ የብሉን)። ሰብ መርዓ ዕዉታት እዮም ንኢየሱስ ምስ አዲኡ ዝዓደምዎ፥ አምላኽ አብ ቃል ኪዳንካ፥ አብ ክህነትካ፥ አብ መብጽዓኻ ምሳኻ ክውዕል እንከሎ ዝጎድል የለን በዚ እዩ አብ ኩሉ ሕይወትና ንኢየሱስን አዲኡን ክንዕድም እንከሎና ልዕሊ ኹሉ ከአ አብ ጽንኩር እዋን ዓቢ ለውጥን ዘሕጉስ ነገር ክመጽአና ዝኽእል።

አብዚ ወንጌል ብዙሕ ክንርእዮ ወይ ክንፈልጦ ዘሎና ምልክታት ወይ ነገራት እዩ ዝጥቀስ፤ ዮሓንስ ወንጌላዊ ድሕሪ መባእታ/መቕድም ምሃብ አብ ወንጌሉ እዚ ተአምራት ድሕሪ ሓደ ሶምን ሸውዓተ መዓልቲ ከምዝተፈጸመ እዩ ዝነግር። አብ ቅዱስ መጽሓፍ እግዚአብሔር ዓለም ምስ ፈጠረ ሕይወት ምስሃበ ሽድሽተ መዓልቲ ሰሪሑ አብ ሻብዓይ መዓልቲ ግን አዕሪፉ። አብ ወንጌል ዮሓንስ ብሸውዓተ መዓልቲ ጊዜ ይኸፍት እዚ ኸአ ነቲ ሓዲስ ተፈጥሮ እዩ ዝውክል እዚ ነቲ ብኢየሱስ ክርስቶስ ዝተዋህበ ሓዲስ ሕይወት እዩ ዘምልከት። አብ ሳልሳይ መዓልቲ ዝብል ነቲ ኢየሱስ ድሕሪ ትንሣኤኡ ዝለበሶ ሓዲስ ሕይወት እዩ ዘመልክት፥ እዚ ኸአ ኵላትና ክንሳተፈ ዝግብአና ሓዲስ ሕይወት እዩ።

አብ ቅዱስ መጽሓፍ ክልተ መርዓ ይጥቀስ፥ ሓደ እዚ አብ ወንጌል ዮሓንስ እንረኽቦ እዩ፥ ዓቢ አገዳስነት ዘለዎ መርዓ እዩ ምኽንያቱ መጀመርያ ተአምራት ዝገበረሉ አምላኽነቱ ዝገለጸሉ ስለ ዝኾነ። እቲ ካልአይ ከአ መርዓ ናይ እቲ ገንሸል እቲ አብ ጸሎተ ሓሙስ ዝተፈጸመ እዩ። እቲ መጀመርያ መርዓ ንወንጌል ዮሓንስ ይጅመሮ እቲ ካልአይ ይዛዝሞ። እዚ ክልተ መርዓ ብሓባር ክንርእዮ ከሎና ነቲ አምላኽ ብኢየሱስ ክርስቶስ ብዓል ናዝሬት፥ እቲ ቅቡእ አባና ነቲ መንፈስ አምላኽ ከመሓላልፍ ዝመጽአ ዝገልጽ እዩ።

እንጌራ፥ ማይ፥ መርዓ አብ ሕይወት ደቂ ሰባት ፍሉጣት ነገራት እዮም። አብ ሕይወትና አብ ዓለምና ዓቢ ትርጉም አልኦም። አምላኽ አብ ልብናን አብ ነፍሳትናን ክአቱ ከም መጋበር ክጥቀመሎም እንከሎ ብሃንደበት ዝኾነ ነገር አይኮነን። አምላኽ በቲ አብ መዓልታዊ ሕይወትና እንጥቀመሉ ገሩ ነቲ ልዕሊ ባህርና ዝኾነ ነገራት ይገልጸልና። አብ ኩሎም ምስጢራት በቲ ግዙፍ ነገራት ነቲ ዝዓበየ ጸጋ ይዕድሉና። እቲ ግዙፍ ነገራት ነቲ ውሽጣዊ መንፈስ አምላኽ ከም እንቕበል ይገብሩና። ጥምቀት ምስ ተወለድና ንቕበሎ፥ ሜሮን ነቲ ብጥምቀት ዝተቐበልናዮ ከም ማሕተም አብ ሕይወትና ሓቲሙ ብመንፈስ እኹላት አባላት ክርስቶስ ይገብረና፥ ንርእስና ህያብ ክንከውን ምስ ካልኦት ክንሓብር አብ ቅ. ቊርባን ንረኽቦ። ሕድገት ኃጢአት ዓቢ ክፍሊ ሕይወትና እዩ፥ አምላኽ ብሕድገት አባና ይመጽእ ንሕና ንኻልኦት ክንሓድገሎም ምሒ.ርና ምእንቲ ክንክእል ምስጢረ ንስሓ ተሰሪዑልና። ንርእስና ምእንቲ ካልኦት ክነወፊ አብ ክህነትን አብ ቃል ኪዳንን ንቕበሎ። መጽሓፈ ቀንዲል አብ ጊዜ ሕማምናን ስቓይናን ህላዌ አምላኽ ምሳና ከም ዘሎ ይገልጸልና።

## ንኢየሱስ ዓዲምካ ምኽአል፡

ሰብ ቃና ዘገሊላ ንኢየሱስን አዲኡን አርድእቱን ዓዲሞም፥ ዕዱማት ዕድሚኦም አኽቢሮም መጺኦም። ሓደ ሰብ ክዕድም እንከሎ ነቲ ዝዕድሞ ስለ ዘኽብሮ ዘፍቅሮ አብቲ ሓጎሱ ክካፈል ከምኡ ምስኡ ክሕጎስ እዩ፥ ምዕዳም ከስ ፍቕሪ እዩ መሰረቱ ፍቕሪ እንተሎ ኩሉ አሎ፥ ዘይነፍቅሮ አይንዕድሞን ኢና ወይ ከአ ምስኡ ሌላ ዘይብልና ዘይንፈልጦ ዳርጋ አይንዕድሞን ኢና። እዞም ሰብ ቃና ንኢየሱስ ይፈልጥዎ ነሮም ምሰዲኡ ምስ ሓዋርያቱ እዮም ዓዲሞሞ ግሩም መርዓ እዩ ነሩ እንተ ኾነ አብ መንጎ ዘሕፍር ገጢሙ ወይኒ/ስዋ ተወዲኡ ናይ ብሓቂ ከቢድ ነገር እዩ፥ ዮሓንስ ወንጌላዊ ነዚ ጸገም አቓዲማ ዝረአየት ማርያም ከም ዝኾነት ይነግረና፥ ነቲ ዝፈትሕ ወዳ ምዃኑ አቓዲማ ትፈልጥ ስለ ዝነበረት አብኡ እያ ከይዳ። ወደይ ዓደምትና ይካፍኡ አለዉ ርዳእ ንስኻ ጥራሕ ኢኻ ነዚ ጸገም ክተርሁ እትኽእል ኢላ ለሚናቶ። አብዚ እንርእዮ ማርያም ከም አደ ኢየሱስ ጥራሕ ዘይኮነት ከም አደ ቤተ ክርስትያን እውን ክትከውን ንርእያ፥ ጸገም ካልኦት ተለሊ ኸው ናብቲ ከአል ኩሉ ዝኾና ወዳ ከይዳ ትልምን፥ እዚ እዩ ሓደ ካብቲ ብማርያም አቢልና አብ አምላኽ ክንከይድ ዝበለጸን ዝቐለልን ኢልና እንአምኖ።

## ኢየሱስ ልመና አዲኡ ይሰምዕ፡

ኢየሱስ ልመና ኣዲኡ ወላ እኳ ግዜይ ኣይበጽሐን እንተ በላ ዝለመነቶ ገርዎ። ማርያም ልመንአ ከም ዝሰማዕ ትፈልጥ ስለ ዝነበረት ነቶም ኣሳሰይቲ ዝበለኩም ግበሩ ኢላቶም ኣብኡ ሽድሽተ ኣጋንእ ነበረ ይበል እዘን ሽድሽተ ኣጋንእ ከም ባህሊ ኣይሁድ ናይ ምንጻሕ ስርዓት ዝፍጹሙለን እየን ቅድሚን ድሕርን ምምጋብ ዝንጽሑለን እየን። ኣብዚ ታሪኽ እዘን ሽድሽተ ኣጋንእ ንሕግን ሃይማኖታዊ ስርዓትን ብያኔ ኣብ ዕብራውያን እዩ ዝውክል። ሽድሽተ ካብቲ ምሉእ ቍጽሪ ሸውዓተ ጎደሎ እየን። ሽው ነተን ኣጋንእ ማይ ምልእወን ኢሉ ነቲ ማይ ናብ ወይኒ ለወጠሎም በዚ መን ምዃኑ ገለጸ ይብለና። ኢየሱስ ንማይ ናብ ወይኒ ክልውጥ እንክሎ ኣምሳል ሓዲስ ኪዳን እዩ፥ ሓዲስ ሕይወት ሓዲስ መገዲ ኢየሱስ እዩ ዘመልክት። ነቲ ስርዓተ ማይ ናይ ብሉይ ኪዳን ይትክኦ። እተን ኣጋንእ ነፍስወከፈን ካብ 20 ክሳብ 30 ጋሎን ዝሓዛ እየን ነርን ብሓበራ ክንርእዮ ከሎና 120-180 ጋሎን ወይኒ ሒዘን ነረን ማለት እዩ። እዚ ዘመልክቶ ናይ ኣምላኽ ሓልዮትን ፍቕርን ከምኡ ኣብ ሕይወትና ክንረኽቦ ዝደልዮ እዩ ዘርኢ። ኣምላኽ ኩሉ ጊዜ ሓዲስ ሕይወት እሞ ብምልኡ ክንረክብ እዩ ዝደልየና።

እዚ ኹሉ ኣብ መዓልቲ መርዓ እዩ ተፈጺሙ። ኣብ መርዓ ከምኡ ኣብ ብዙሕ ውራያት ብሓንሳብ ኮፍ ኢልና ንምገብ። ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ ምስ ኣምላኽ ዘሎና ሕይወት ምስ ኢየሱስ ዘሎና ብኣምሳል መኣዲ ይግለጽ። እዚ እዋን ናይ ምንጻግ ጊዜ ወይ ጊዜ መስዋዕቲ ኣይኮነን ናይ ብሓንሳብ ምሕጓስ እዩ። ኦርድእቲ መርዓዊ ምስኦም እንከሎ ከመይ ኢሎም ይጸሙ።

ናይ ቃና መርዓ እምብአር ነቲ ሰንበት ሰንበት ኣብ መኣድ መስዋዕቲ ቅዳሴ ብሓባር ከቢብና ካብ ሥጋኡን ደሙን ክንበልዕ እንከሎና እንፍጽሞ እዩ ዘዘኻኽረና። መስዋዕተ ቅዳሴ ክነዕርግ እንከሎና ብዓል ኢና እንገብር ዘሎና። ሓደ ቅዳሴ ነዊሕኒ ወይ ምስኣስ እዩ ዝውዳእ ኢሉ ክሓስብ እንተጀመረ ገለ ጸገም ገሩ ኣሎ ማለት እዩ። ቅዳሴ ከም ግብኡ ክንፍጽም ወይ ከአ ከም መስዋዕቲ እነቕርብ ጥራሕ ገርና ክንርእዮ ከሎና ትርጉሙ ንህቦ የለናን ወይ ኣይተረድኣናና ማለት እዩ። መስዋዕቲ ቅዳሴ ከነዕርግ እንከሎና ካብ ኩሉ ፍሉይ ዝገብሮ ነቲ ኣምላኽ ብኢየሱስ ክርስቶስ ኣቢሉ ኩሉ ዝገበረልና ብሕይወቱ፥ ብትምህርቱ፥ ብመስዋዕቱ፥ ሞቱን ትንሣኤኡን፥ ኩሉ እቲ ኣምላክ ኣባና ዘርኦዮ ፍቕሪ ኢና እነብዕል።

ቅ. ጳውሎስ ኣብ 1ቆሮ 12፡4-11 ዘሎ እንተ ኣንበብና ነቲ ኩሉ ኣምላኽ ንነፍሲ ወከፍና ዝሃበና ዝተፈላለየ ህያባት ክንዝክር ይነግረና። ዝተወሃብናዮ ህያባት ንርእስና ጥራሕ ክንጥቀመሉ ኣይኮነን ተዋሂቡና። እዚ ህያባት መጋበሪ ክእለት ነታ ዝዓበየት ማሕበር ክነገልግል በቲ ተዋሂቡና ዘሎ ልዕሊ ኩሉ ኣብ ፍቕሪ፥ ፍትሒ፥ ነጻነትን ሰላም ዝተሃንጸ ሕብረተሰብ ክንፈጥር ተራና ክንጻወት የድሊ። ሃነጽቲ ማሕበር ነፍስወከፍና ኢና።

ኣብዚ እዋን ብዙሕ ክነብዕሎ ዝግብኣና ኣሎ ብዙሓት ኣብ ሕይወትና ከምሰብ ዝሓገዙና ዝሃነጹና በቲ ዝተዋህቦም ህያባት ጽቡቕ ዝገበሩልና ክንዝክር ይግብኣና። ኣብጽንኩር እዋን ክእለቶም ዓቕሞም ዘበርከቱ ክንዝክሮም ይግባእ። መጠን ነፍሲወከፍና ነቲ እንገብሮ ክንርኢ እንተ ኽኣልና መጠኑ ነቲ ኣብ መስዋዕተ ቅዳሴ ኣብ ምብዓል እንገብሮ ወሳኒተራ ኣልኦ። ምናልባት ቅዳሴታትና ብዙሕ ዘደንቕ ዘሕጉስ ኣይከውንን ይኸውን ምኽንያቱ ብሓቂ ክንርእዮ እንተ ኾና ነቲ ዝተዋህበና ህያባት ከምቲ ዝደለ ኣብ ነንድሕድና ኣይንጥቀመሉን ኣሎና ማለት እዩ። ስለዚ ነፍስወከፍና ርኢና ክንክእል ኣሎና ማለት እዩ።

ተኣምራት ቃና ዘገሊላ ነዚ ዝስዕብ ክነስተንትን ይሕግዘና፡

- ክንባረኽ ክንሕጎስ ንኢየሱስ ዓዲምና ክንክእል ኣሎና፥ ኢየሱስ ኣብዘሎናዮ መጺኡ ክቕይረና ክሕድሰና ኩሉ ጊዜ ፍቓዱ እዩ። ንሱ ባዕሉ ኣነ ዝመጻእኩ ንስኻትኩም ሕይወት ክህልወኩም እዩ ሕይወት ብምልኡ ኢሉና። ንኢየሱስ ምዕዳም ነጻነት ሓጎስ ምስትምቃር እዩ፥ ሓዲስ ሕይወት ምልባስ እዩ፥ ሓዲስ ሰላም፥ ሓዲስ ርክብ ምስ ሰባት ምርካብ እዩ።

- ማርያም ኣማላዲትና እያ፥ ኣብቲ መርዓ ብዙሓት ዓበይቲ ዓድን ፈተውትን ነሮም እዮም እንተኾነ ከም ማርያም ገሩ ዓቢ ተራ ዝተጻወተ የለን። ንወዳ መጀምርያ ተኣምራቱ ከም ዝገብር ገራቶ፥ ንሱ ኸአ ሰሚዕዋ። ማርያም ክትልምነልና እንከላ ድላይና ክንረክብ ንኽእል። ንማርያም መንጎኛ ክንገብራ እንከሎና ሓዲስ ለውጢ ተኣምራት ይኸውን። ንኢየሱስ ብማርያም ንለምኖ።

- ኢየሱስ ዝበሎ ምግባር፡ ምልማን ጥራሕ ወይ እውን ተአምራት ክገብረልና ጥራሕ አይኮናን ክንጽበ ዘሎና ንሱ ዝደልዮን ዝበሎን ክንገብር አሎና። ሎሚ አምላኽ እንታይ ክገብር ይደልየኒ ኢልና ንሕልናና ጽን ክንብል እንተ ኽኢልና ክንፈልጦ ኢና። ምናልባት ንሰባት እቕረ ክንብል፥ ወይ ክንምሕር ክንዕረቕ፥ ንሕማቕ አመል እንተሎና ክንሓድግ፥ ብሓጺሩ ካብ አምላኽ ዓጊቱና ንዘሎ አለሊና ክንቅይር የድልየና አሎ ሽው አባና ተአምራት ክፍጸም እዩ። ማርያም ሎሚ እውን ወደይ ዝበለኩም ግበሩ ትብለና አላ።

- አምላኽ ንዝገበረልና ርኢና እንተ ኽኢልና ክንአምን ጸገም የብልናን። ሰብ መርዓ ከምኡ ሓዋርያት ነቲ ዝኾነ ክርእዩ ስለ ዝኽአሉ አመኑ። አብ ሕይወትና ብዙሕ ተአምራታት ተገሩ እዩ ግን ብዙሓት አይንርእዮን ወይ እውን ንግዚኡ ተሓጕስና ንርስዖ ስለዚ ነቲ አምላኽ አብ ዝተፈላለየ እዋናት ዝገበርልና ርኢና አብኡ ንእመን።

ሓዋርያት ነዚ ማይ አብ ወይኒ ዝለወጦ ተአምራት ምስ ረአዩ አሚኖም ይብል ወንጌል እዚ ኸአ መጀምርያ ምእማን እዩ። ስለምንታይ አሚኖም እንተ በልና አብቲ መርዓ ናይ አምላኽ ዝልውጥ ዝቅይር ፍቕሪ ክረኽቡ ክኢሎም። ናይ ፍቕሪ ቀያሪ ሓይሊ ንዝኾነ ነገርን ንዝኾነ ኩነትን ክቕይር ይኽእል እዩ። ንፍቕሪ መልሲ ክንህብ እንተ ጀመርና እሞ አብ ልብና ክአቱ እንተ አፍቀድና ዝተሓደሱ ዝተለወጡ ሰባት ኢና እንኾውን። አብ ዓለም ፍቕሪ አምላኽ ክንርሕርሕ እንተ አፍቅድናሉ እዛ እንነብረላ ዓለም መተቐየረት፥ መተሓደሰት።

ቀዳማይ ውጽኢት ፍቕሪ ካብቲ ዝነበርካዮ ሓዲስ ምዃን ምቕያር እዩ። ፍቕሪ አምላኽ እንተ ሎና ክንቅየር ግድነት እዩ። አብ ፍቕሪ አምላኽ ዝአቶ ሰብ ሓዲስ ሰብ ስለ ዝኸውን ሕይወቱ ታቦት አምላኽ እዩ ዝብሃል። አብ ሕይወትና ክንቅየር እንተ ደሊና ዕለት ዕለት ፍቕሩ ክነስተማቕር አብኡ ክነብር አሎና።

አምላኽ ስለ ዘፍቀረና ከማና ኮይኑ አብቲ ናትና ባህሪ አትዩ ከምኡ ንሕና ክነፍቅሮ ፍቓደኛታት እንተ ኾና ክንቅየር ግድን እዩ። ክንቅይር ዘይንደሊ ግን ነፍቅሮ ኢና ንብል እንተ ኾና ንአምላኽ ነፍቅሮ የለናን ማለት ኢና ስለዚ ክንቅየር ፍቓደኛታት ንኹን። ንማይ አብ ወይኒ ዝለወጠ አምላኽ ሎሚ ንነፍስወከፍና ክልውጠና ይደሊ አሎ እሽታናን ድለትናን ጥራሕ ንግለጸሉ።

ኦ ማርያም አደና ንሰብ ቃና ነቲ ጽንኩር ዘሕፍር ነገር አብ መርዕኦም ዝገጠሞም እሞ ዝፈታሕክሎም አብ ሕይወትና ከቢድና ንዘሎ ዘይክአል ኮይኑ ጸልማት ከዲኑና ዘሎ ክንቅይር ንወዲኺ ለምንልና። ብግልናን ብሓባርን ንድላይ ወድኺ ክንሰምዕ አብ ሕይወትና ፍቕሪ አምላኽ ክግለጽ አብ ጎንና ኮንኪ ምርሕና ሓግዝና። ንማይ አብ ወይኒ ዝቐየረ ወድኺ ሎሚ እውን ሕይወትና ክንቅይር ሓደስቲ ፍጥረት ኮና እሙናት አርድእቱ ክንከውን ክሕግዘና ለምንልና ንበላ።

ብሩኽ ሰንበት ይግበረልና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ